Seattle
Office of Sustainability
& Environment

**ናብ ኣከባቢያዊ ፍትሒ ፈንድ ሲያትል (Seattle’s Environmental Justice Fund) ኣመልክት**

ቤት ጽሕፈት ዘላቕነትን ኣከባቢን ሲያትል (Seattle’s Office of Sustainability & Environment ) (OSE)፣ ኣብ'ዚ ሐዚ ሰዓት ናይ ሲያትል ኣከባቢያዊ ፍትሒ ፈንድ **መመልከቲ/ምልክታት ምቕባል ምጅማሩ ብታሕጓስ ይገልጽ።** ኣብ'ዚ ዓመት እዚ፣ ክልተ ናይ ፈንድ/ገንዘባዊ ሓገዝ ኣማራጺታት ቀሪቦም ኣለዉ። እቲ ፈላማይ ኣማራጺ ካብ $10,000 ክሳብ $40,000፣ ዝኸውንን በሓፈሻ ድማ ናይ $250,000 ገንዘባዊ ሓገዝ/ምወላ ዝህብ እዩ። እቲ ካልኣይ ኣማራጺ ድማ ካብ $40,001 ክሳብ $90,000 ዝኸውንን ብሓፈሻ ድማ ናይ $750,000 ገንዘባዊ ሓገዝ/ምወላ ዘቕርብ እዩ። እዞም ፈንድታት/ገንዘባዊ ሓገዛት እዚኦም፣ ንጸለምቲ፣ ደቀ'ባት፣ ሰብ ሕብሪ፣ ስደተኛታት፣ ተፈናቐልቲ፣ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ውልቀሰባት፣ መናእሰይን፣ ኣረጋውያን ሓዊሱ፣ ነቶም ብናይ ኣከባቢያዊን ከባቢ ኣየራዊን ዘይፍትሓዊ ኩነታት ብዝገደደ መልክዑ ዝተጸለዉ ማሕበረሰባት ዝሕግዙ ፕሮጀክትታት ዝድግፉ እዮም። ነዚ መመልከቲ/ምልክታ እዚ ኣታዊ ንምግባር **እቲ ናይ መወዳእታ ዕለት፣ ረቡዕ፣ ሓምለ 26፣ ሰዓት 5pm (ብናይ ፓስፊክ ሰዓት) እዩ።**

እዚ ናይ ፈንድ/ገንዘባዊ ሓገዝ ዕድል ንኹሎም ዓሌታትን ናይ ዓሌታውያን ትካላትን፣ ንመኽሰብ ዘይተመስረቱ ትካላትን፣ ከምኡ ድማ እቶም ኣከባቢያዊን ናይ ኣየር ንብረት ፍትሒ ንኽመጽእ ምስ ማሕበረሰቦም ዝሰርሑ ጉጅለታትን ክፉት እዩ። እቶም ነዚ ደገፍ ንምርካብ ብቑዓት ዝኾኑ ዓይነታት ፕሮጀክትታት፣ ንስነ-ጥበብን ዛንታ ምዝንታውን፣ ማሕበረሰባዊ ትምህርቲ፣ ትካላዊን ማሕበረሰባውን ህንጻት ዓቕሚ፣ ምድላዋት ንለውጢ ናይ ኣየር ንብረት፣ ህንጻት ክእለትን ምስ ሓምለዋይ ስራሕቲ* ዕላማ ዘለዎም ዝዛመዱ ስልጠናታትን፣ ማሕበረሰባዊ ትልሚ ምውጻእን ራእይን ዝበሉ ዓይነታት ፕሮጀክት ዘጠቓልሉ ደኣ ይኹኑ እምበር በዚኦም ጥራሕ ግን ዝውሰን ኣይኮነን።

እንተደኣ ብዛዕባ እዚ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ፣ ብዛዕባ ናይ ፕሮጀክት ሓሳብ ክትላዘብ፣ ወይ ፕሮፖዛል ኣታዊ ክተገብር ድልየት ኣለካ ኮይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ፣

- ምስ ሓደ ኣባል ጉጅለና ናይ 20 ደቓይቕ ናይ ስልኪ ጻውዒት ንምክያድ **ኣብ'ዚ** ተመዝገብ።
  - *ግልጋሎት ትርጉም ንምሕታት ነቲ ቅጥዒ ክትጥቀም ንላበወካ።*

- ነቲ ብቨርቹዋል/ኢንተርኔት ዝካየድ ናይ ሓበሬታ ክፋል ግዜ ተኻፈል።
  - ረቡዕ፣ ሰነ 21፣ ሰዓት 12-1:30pm (ድሕሪ ሰዓት)– ኣብ'ዚ ተመዝገብ
  - *ብኽብረትኩም ግልጋሎት ትርጉም ንምርካብ ኣቐዲምካ ንምሕታት ኣብ equityenviro@seattle.gov ጸሓፉልና።*

- ነቲ በኣካል ዝካየድ ናይ ሓበሬታ ክፋል ግዜ ተኻፈል፣
  - ሰሉስ፣ ሰነ 27፣ 6-7:30pm (ድሕሪ ሰዓት) – ኣብ'ዚ ተመዝገብ
  - **ቦታ:** Columbia City Public Library, Columbia Meeting Room
    - 4721 Rainier Ave S, Seattle, WA 98118
  - *ብኽብረትኩም ግልጋሎት ትርጉም ንምርካብ ኣቐዲምካ ንምሕታት ኣብ equityenviro@seattle.gov ጸሓፉልና።*

ነቶም ብኢመይል ናብ *equityenviro@seattle.gov ዝለኣኹልና ሕቶታት ንምምላስ እውን ድልዋት ኢና።* ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብን ንምምልካትን፣ ን**seattle.gov/environment/ejfund** ተወከስ።

*ንዕላማታት ናይ ኣከባቢያዊ ፍትሒ (EJ) ገንዘባዊ ሓገዛት ክበሃል፣ እቶም ሓምለዋይ ስራሓት ማለት እቶም ንጽልዋታት ለውጢ ናይ ኣየር ንብረት ንምቕናስ ወይ መፍትሒ ንምሃብ ዕላማ ዝግብሩ ስራሓት ማለት እዮም።